**ሓበሬታ ስክሪኒንግ – ቁጽጽር ኣብ ዶብ**

**ብዘይ ፍቓድ ብባሕሪ ምስጋር ወይ ፍጻመታት SAR**

ኣብ __________ ኣለኻ/ኺ፣ኣብ ዓዲ ጣልያን እዩ። ጣልያን ኣካል ናይ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ኢያ። ክንታሓጋገዘካ/ኪ ኢልና ኣብዚ ስለ ዘለና ዝኮነ መግለጺ ወይ ድማ ሕቶ እንተ ኣለካ/ኪ ክይተሰከፍካ/ኪ ክትሓትት/ቲ ትኽእሊ ኢኻ/ኺ።

ንዝበለጸ ምርድዳእ ኣቲ ዘሎ ባህላውን ቋንቋውን ኣገልግሎት ክትጥቀም/ሚ መሰልካ/ኪ ከምዝኮነ ፡ ኣብ ዝኮነ ግዜ ሕቶ ፡ ዝበለጸ ሓበሬታ ክትሓትት/ቲ ከም ትኽእል/ሊ ብተወሳኺ ድማ ወዲ ወይ ድማ ጓል ኣተርጎሚ/ት ክትመርጽ ትክእል ኢኻ/ኺ።

## 1. ኩነታት መእተዊ

ኣብዚ ግዜ ብሕጊ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ጌና ቅቡል ኣይኮንካን ዘለኻ። ምኽንያቱ ናይ መእተዊ ሕግታት ስለ ዘይኣኽበርካ። ስለዚ እቶም ኣክበርቲ ሕጊ ስክሪኒንግ ዝተባህለ ምቁጽጻር ከካይዱ እዮም ኣብዚ መስርሕ ግን ኩሉ ብሃገራዊ፣ ዓለምለኻዊን ናይ ሕብረት ኤውሮጳን ሕጊ ዝተወሰነ መሰላትን ግቡኣትን ይትግበር።

## 2. ናይ ስክሪኒንግ ንጥፈ

ናይ ስክሪኒንግ ንጥፈታት ኣብዚ ____________________, ክካየዱ እዮ።

እዞም ዝስዕቡ ብ ኣክበርቲ ሕጊ ዝፍጸሙ ደረጃታት ስክሪኒንግ እዮም፡-

- ብምኽንያት ደሕንነት፣ ኣብ ሰብነትካ/ኪን ኣብ ውልቃዊ ንብረትካ/ኪን ዝፍጸም ምቁጽጻር።
- ናይ መጀመርያ ብሓኪም ዝካየድ መርመራ ናይ ጥዕና ብቀጥታ ሓገዝ ዘድልየካ ከይ ከውን ወይ ከኣ ተመሓላላፊ ሕማም እንተ ኣለካ ንበይንኻ መታን ክፈልዩኻ።
- መንነት ምርግጋጽ፣ ውልቃዊ ሓበሬታ ምእካብ፣ ስም፣ ዕለትን ቦታን ልደት፣ ዜግነት፣ እንተሃልዩካ/ኪ መንነትን ሰነዳት ጉዕዞን ምቕራብ። ሰነዳት ዘይምቕራብ ን ኣክበርቲ ሕጊ ዘይምትሕብባር ክቑጸር ይኽእል።
- ዜግነት እንተ ዘይብልካ ክትሕብር ኣለካ።
- ምሳኻ/ኺ ዘለዉ ኣባላት ስድራቤት እንተሃልዮም ምሕባር፣ መታን ከይፈላልይኩም።
- ናብ ጣልያን ዘምጻካ ምኽንያት ምግላጽ።
- ውልቃዊ ሓበሬታኻ/ኺ ንኣክበርቲ ሕጊ ምክፋል፣ ብዘይ ፍቓድካ/ኺ ንዘይኮነ ሰብ ኣየካፍልዎን እዮም።
- ናይ ኣጻብዕቲ ኣሰርን ናይ መንነት ስእልን ምውሳድ።
- ኣብ ሃገራዊን ኤውሮጳዊን ዲጂታላዊ ስርዓታት ሓበሬታ እንተሎ ምቁጽጻር።
- ንውሱን ግዜ ንመስርሕ ምምሕዳር ዝጠቅም፣ ሓበሬታ ምእካብን ምዕቃብን።
- ተውሳኺ ናይ ሕክምና መርመራ ሁጹጽ ናይ ሕክምና ሓገዝ ፥ ብ ናይ ጥዕና ጸገም በይንካ ክትፍለ ዘድሊ እንተኾይኑ፥ ፉሉይ ናይ ጥዕና መርመራ ክትገብር ተደሊኻ፥ ምስ ናይ ስነ ኣእምሮ ሓካይም ክትዛረብ ተደሊኻ ንምርግጋጽ።
- ግላዊ ዝርርብ ብዛዕባ ዘለካ ጸገማት ክትዛረብ ተደሊኻ ፣ ብሰንኪ ሕሉፍ ሂወትካ ብዛዕባ ፉሉይ ኣርእስቲ ጸገምካ ወይ ድማ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልየካ ተኮይኑ ሓብር።

ፍሉይ ድሌት ኣብ ዘለዎ ኩነታት እንተሃሊኻ/ኺ፣ ንኣከበርቲ ሕጊ ክትሕብር/ሪ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፣ ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ እንተ ኾይኑ ዕድሜኻ፣ ሕክምናዊ ክንክን እንተደሊኻ/ኺ፣ ሰበይቲ እንተኾንኪ፣ ሌዝቢያን፣ ጌይ፣ ባይሴክሹዋል፣ ትራንስጀንደር፣ ኢንተርሴክሹዋል እንተኾንካ/ኪ፣ ኣካለ ስንኩል እንተ፟ኴንካ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝ እንተደሊኻ/ኺ፣ ሽማግለ እንተኾንካ/ኪ፣ ሓደ/ሓንቲ ወላዲ/ት ምስ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ እንተኾንካ/ኪ፣ ከቢድ ሕማማት ወይ ናይ ኣእምሮ ጸገማት እንተሃልዩካ/ኪ፣ ነብሰ ጾር እንተኾንኪ፣ ካብ ስቓያት፣ወይ ካልእ ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ ወይ ጾታዊ ግፍዒ ዝደሓንካ/ኪ እንተኾንካ/ኪ፣ ንኣብነት ጾታዊ ግፍዒ፣ ምኽንሻብ፣ ናይ ቆልዑ ወይ ብግዲ መርዓ፣ ወይ ብጾታ፣ ብማሕበራዊ ጾታ፣ ብዘርኢ ወይ ብሃይማኖት ዝተፈጸመ ግፍዒ ግዳይ እንተኾንካ/ኪ፣ ወይ ናይ ሰብ ናይ መሸጣ ግዳይ እንተኾንካ/ኪ።

ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ እንተ ኾይኑ ዕድሜኻ፣ ኣብ ጣልያን ትሕቲ ዕድመ ኢኻ/ኺ ትቑጸር/ሪ፣ ማለት ንድሌታትካ/ኪን ንዕድመኻ/ኺን ዝምጥን መቐበሊን ሓገዝን ክትረክብ/ቢ ኢኻ/ኺ። ብተወሳኺ፣ ብወለዲ ወይ ብሕጋዊ ሓላፍነት ዘለዎም ዓበይቲ እንተዘይተሰኒኻ/ኺ፣ መሰላትካ/ኪ ንምርግጋጽ ዝሕግዘካ/ኪ ሓደ ዓቢ ሰብ ክውከለካ/ኪ እዩ።

እቲ ትብሎ/ልዮ ዘረጋግጽ ሰነዳት ወይ ሕክምናዊ ምስክር ወረቓቕቲ እንተሃልዩካ/ኪ፣ ብቕልጡፍ ኣርእዮም/ዮም።

- ብዛዕባኻ/ኺ፣ ብዛዕባ ቤተሰብካ/ኪን ካብ መበቆል ሃገርካ/ኪ ክሳብ እቲ ሕጂ ዘለኻ/ኺሉ ሃገር ዝገበርካ/ክዮ ጉዕዞን ሓበሬታ ምእካብ።
- ስክሪኒን ምስ ገበርካ ኩሉ እቲ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ኣሕቲምም ከህቡኻ ኢዮም ጌጋታን እንተሎዎ ቅድሚ ምፍራምካ ንኽዐርይዎ ሓብሮም።
- እቲ ትገብሮ ስክርኒን ካብታ ናብ ዓዲ ጥልያን ዝኣተኻላ ሳዓት ጀሚሩ ድሕሪ 7 ማዓልቲ ክዛዘም እዩ።

ኣብዚ መስርሕ ዝሃብካ/ኪዮ ኩሉ ሓበሬታ ምስጢራዊ እዩ፤ ኣብዚ መስርሕ ንዘይተሳተፉ ሰባት ፈጺሙ ኣይክሕበርን እዩ።

3. ***መሰላትን ግቡኣትን ኣብ ግዜ ስክሪኒንግ***

- ኣብ ግዜ ስክሪኒንግ፣ ምግቢ፣ መንበሪ፣ ሕክምናዊ ሓገዝ ኣካላዊን ስነ-ኣእምሮኣዊን ክትረክብ/ቢ፣ ብክብሪን ብመሰረታዊ መሰላትካ/ኪ ክትክበር/ሪ መሰል ኣለካ/ኪ።
- ሕክምናዊ ጸገም እንተሃልዩካ/ኪ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ወይ ካልእ ዓይነት ሓገዝ እንተደሊኻ/ኺ፣ ወይ ኣብ መበቆል ሃገርካ/ኪ፣ ኣብ መንገዲ ወይ ኣብ ምሕላፍ ዶብ ዝተፈጸመ ነገር ክትሕብር/ሪ እንተደሊኻ/ኺ፣ ምስ ንኣከበርቲ ሕጊ ወይ ምስ ዝሕግዙኻ/ኺ ሰራሕተኛታት ክትገብሮ/ርዮ ትኽእል/ሊ።
- ምኽርን ሓገዝን፣ እንተላይ ሕጋዊ ሓገዝ፣ ምስ ዝህብ ዝኾነ ሰብ ወይ ውድብ ክትራኸብ/ቢ መሰል ኣለካ/ኪ።
- ኣብ ግዜ ስክሪኒንግ መሰረታዊ መሰላተይ ተጋሂሶም ትብል እንተደኣ ኴንካ ንኣከበርቲ ሕጊ ክትሕብር መሰል ኣለካ/ኪ።
- ኣብ ግዜ መስርሕ፣ ኣብቲ ዝተመደበልካ/ኪ ቦታ ኣብ ትሕቲ ኣካየድቲ ስክሪኒንግ ክትጸንሕ/ሒ ኣለካ/ኪ፣ ከምኡውን ኣካየድቲ ናብ መሬት ጥልያን ንኽትኣቱን ክትቕመጥን መሰል ኣለካዲዩ ወይስ የብልካን ኲቃጸጻሩ ኢዮም።
- ንኣከበርቲ ሕጊ ክትተሓባበር/ሪ ግዴታ ኢዩ እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቂሶም ዘለዉ ሓበሬታታት ክትሕብር ግዴታ ኢዩ
    - ስም፣ ዕለት ልደት፣ ጾታን ዜግነትን፤
    - መንነትካ/ኪ ክረጋገጽ ዝኽእል ኣብ ኢድካ/ኪ ዘሎ ሰነዳት፤
    - ናይ ኣጻብዕቲ ኣሰርካ/ኪን ስእልካ/ኪን፣ እዚኦም ብዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ክእከቡ እዮም።

  ምስ ንኣከበርቲ ሕጊ እንተዘይተሓባቢርካ/ኪ፣ ኣብ ድሕሪኡ ዝትግበሩ መስርሓት ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዉ ይኽእሉ።
- ምሉእን ቶኽክለኛን ሓበሬታ ክትህብ/ቢ ኣለካ/ኪ፣ ከምኡውን እቲ ዘይትዝክሮ/ርዮ ወይ ክትህቦ/ቢ ዘይትኽእል/ሊ ሓበሬታ ክትገልጽ/ጺ ኣለካ/ኪ።

4. **<u>መሰል ዓለምለኻዊ ዕቑባ ምሕታት</u>**

- ናብ ሃገርካ ምምላስ ዘፍራሓካ እንተደኣ ኮይኑ ወይ ድማ (ዜግነት እንተዘይብልካ/ኪ፣ ናብ ትነብረሉ ዝነበርካ ቦታ ምምላስ ዝፍራሓካ እንተደኣ ኾይኑ ምኽንያቱ ህይወትካ/ኪ ወይ ናጽነትካ/ኪ ወይ ናይ ቤተሰብካ/ኪ ኣብ ሓደጋ ስለ ዘሎ፣ ወይ ስቓያት፣ ከቢድ ግፍዒ እንተ ትፈርሕ/ሒ፣ ዕቑባ ክትሓትት/ቲ መሰል ኣለካ/ኪ። ብዘርኢ፣ ዜግነት፣ ኣባልነት ናይ ሓደ ብሄራዊ ጉጅለ፣ ሃይማኖት ወይ ፖለቲካዊ ርእይቶ ምኽንያት እንተተሰዲድካ/ኪ ወይ ናይ ዝተወሰነ ጉጅለ ኣባል እንተ ደኣ ኼንካ እም ን ሂወትካ ኣስጋኢ እንተደኣ ኾይኑ ወይ ናይ ሞት ፍርዲ ከይትፍረድ ትፈርሕ እንተ ኴንካ ካብ ኲናት ዘለዎ ከባቢ እንተመጺኻ/ኺ፣ ዕቑባ ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ።
- ዓለምለኻዊ ዕቑባ ክትሓትት/ቲ እንተደሊኻ/ኺ፣ ኣብ ግዜ ስክሪኒንግ ብግልጺ ንገር/ሪ፣ ምኽንያታትካ/ኪ ድማ ንኣከበርቲ ሕጊ ግለጽ/ጺ።
- ዓለምለኻዊ ዕቑባ እንተሓቲትካ/ኪ፣ ንድሌታትካ/ኪ ዝምጥን መቐበሊ ማእከል ክትሰጋገር/ሪ መሰል ኣለካ/ኪ።
- ሕቶኻ/ኺ ኣብ ጣልያን ክትቕርብ/ቢ ኣለካ/ኪ፣ ምኽንያቱ ኣብዚ ኢኻ/ኺ በጺሕካ/ኪን ሕጂ ኣብዚ ኢኻ/ኺ ዘለኻ/ኺ። ኣየናይ ሃገር ንኑዳይካ/ኪ ሓላፍነት ክወስድ ከም ዘለዎ ክትመርጽ/ጺ ኣይትኽእልን፣ ግን ምስ ስድራቤትካ ንኽትጥርነፍ ዕድል ኣለካ።
- ኣብ ሓደ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ኣባላት ስድራቤት እንተሃልዮም፣ ንኣከበርቲ ሕጊ ስክሪኒንግ ንገር/ሪ፤ ብሕጊ ምስኦም ክትራኸብ/ቢ መሰል እንተሃልዩካ/ኪ ንምግምጋም ከጠቅም ይኽእል።
- ዓለምለኻዊ ዕቑባ እንተሓቲትካ/ኪ፣ ኣብ ጣልያን ክትጸንሕ/ሒ ኣለካ/ኪ፣ ብዘይ ፍቃድ ናይ ኣከበርቲ ሕጊ ናብ ካልእ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ክትሰጋገር/ሪ ኣይትኽእልን። ናይቲ ዘቕረብካዮ ናይ ዕቅባ ሕቶ መልሲ ከይመጻካ ኾሎ ካብ ጣልያን እንተወጺኻ/ኺ፣ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል፣እቲ ተዋሂብካ ዝነበረ ናይ መንበሪ ቦታ ውን ክትምንጠል ኢኻ።
- ኣብ ጣልያን ሕቶ ዓለምለኻዊ ዕቑባኻ/ኺ ንምግምጋም ዝተፈላለዩ መስርሓት ኣለዉ፣ ህጹእ ኣካይዳ ኣሎ ፣ ዝቐልጠፈ መስርሕ ዝሓጸረ ግዜ ዘለዎ፣ ከምኡውን ኣብ ዶብ ዝትግበር ዝቐልጠፈ መስርሕ፣ እዚ ብጣዕሚ ፈጣን እዩ ኣብ ዶብ ወይ መተሓላለፊ ዝቑጸሩ ቦታታት ይትግበር።
- ዝተፈላለዩ መስርሓትን ቀስ ኢሉ ክግለጸልካ ኢዩ ፣ ምኽንያቱ መንግስቲ ጥልያን ነቲ ውልቓዊ ኩነታትካ ጽግማትካ ሪኡ ኣብቲ ናይ መግስቲ ጥልያን ሕግታት ተሞርኪሱ ውሳኔ ክህበካ ኢዩ።።

<table><tr><td>ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ እንተ ኾይኑ ዕድሜኻ፣ ብወለዲ ወይ ብሕጋዊ ሓላፍነት ዘለዎም ዓበይቲ ዘይተሰነየ/ት ትሕቲ ዕድመ እንተኾንካ/ኪ፣ ናይ ትሕቲ ዕድመ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ፍሉይ መስርሕ ክትጥቀም/ሚ መሰል ኣለካ/ኪ።</td></tr></table>

5. **<u>ምጥራዝ</u>**

ዓለምለኻዊ ዕቑባ እንተ ዘይሓቲትካ/ኪ፣ ወይ ድማ እቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ እንተተነጺጉ ናብ ሃገርካ ወይ ድማ ናብቲ ትቕመጥሉ ዝነበርካ ቦታ ክትጥረዝ ተኽእሎታት ኣሎ።

6. **<u>ናብ ካልእ ሃገር ምስግጋር</u>**

ናብ ካልእ ሃገር ኣባል ናይ ሕቡራት ሃገራት ኤወሮጳ ውን ክትስደድ ትኽእል ኢካ ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ዑቅባ ሕቶ ድማ ንሶም ክመዝኑዎ ኢዮም ስሙ ድማ ረሎኬሽን(c.d. *relocation)* ይበሃል።

7. **<u>ዝትግበር መስርሕ</u>**

8. ስክሪኒንግ ምስ ተዛዘመ፣ተወሳኺ ሓበሬታ ክትቕበል/ሊ ኢኻ/ኺ ብዛዕባ ዓለምለኻዊ ዕቑባ፣ <u>ምጥራዝ</u> ፣<u>ናብ ካልእ ሃገር ምስግጋር</u> ።

9. **<u>ዕቃበ ሓበሬታ</u>**

ክትርስዖ ዘይብላካ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ሕጊ ብዛዕባ ዕቃበ ሓበሬታ፣ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታኻ/ኺ ማለት ብዛዕባኻ/ኺ ዝኣከበ ሓበሬታ ክትሪኦን ከተካፍሎ፡ ዕድል ይህበካ ፣ብተወሳኺ ከተኣርሞ/ሚ ክትሓትት/ቲ፣ ከምኡውን ብሕጊ ተወሲኑ ዘሎ ኩነታት እንተተማሊኡ ካብ ጣልያናውያንን ኤውሮጳውያንን ዳታቤዝ ክተደምስስ/ሲ ክትሓትት/ቲ መሰል ይህበካ/ኪ።

ክትርስዖ ዘይብላካ ፣ ብዛዕባ እቶም ንዓኻ/ኺ ዝምልከቱ መስርሓት ምሕባር መሰል ኩሉ ግዜ ኣለካ/ኪ፣ መብርሂ ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ፣ ከምኡውን ኣብ መንገድኻ/ኺ ኣብ ጣልያን ምስ እትረኽቦም/ምን ሰራሕተኛታት ብዝኾነ ግዜ ክትዛረብ/ቢ ትኽእል/ሊ።